# መርሓባ ፌስቲቫል ዓውደ መኸተ

ብ ኑራ ሑሴን

ፌስቲቫል ካስል ሞያኺ ይተረኽ
ገጢማ  ዝሳዓረት ጸቢብ መድረኽ
ምዕባለ ሓዚላ ዓመት- ዓመት ደበኽ
ዓንዲ  ጽኑዕ መርገጹ ዘይምብርከኽ

ምርእይቲ ፌስቲቫልና ኩርዒ ታሓበኒ
ወትሩ ቀስቃሲት ናይ ቃልስና ወኒ
ንጸላእታ ገብገብ ሕማም ረስኒ
ዋዕላና ክጋባእ ምሳኺ ኀኒኀኒ
ሞያኺ ክዓዝዝ ኣኻዕቢትኪ ሕነኒ

ኣጆኹም ድሕነታውያን ሰብ ድርብ ዉራይ
ሰብ ዱልዱል ዕጥቂ በዓል ኣላይ
ሎሚ  ግርም  ኮነሕጂ ሕራይ
ዓወት ምሳኹም'ዩ ቀልስዎ ጥራይ

ሓቢርኩም ባርኽዎ ናይ ምህርቲ  ዓውዲ
ናይ ህዝብና ረብሓ ሓባራዊ ማኣዲ
ከምቲ ማዕረ መስዋእቲ  ኣብ ድፉዕ ዕርዲ
ይደገም ጸረ ህግድፍ ፈላላይ ቅዲ
ህዝብና ክዳነ ብፍትሓዊ ፍርዲ
ሰላም ራህዋ ዘስፍን ዘቅስን ንዓዲ

ብደሓን ምጺ መርሓባ ፌስቲቫልና
ዓውዲ ዘተ መጋርያ ህዝብና
ሽርሒ ህግድፍ ዘበርዓነት ሓኽልና
ዘይ ሃቀንዎ የለን ክዕንቅፉ ቃልስና
ኣብኒንክዮ እናሻዕ ውዲታዊ ፈተና
ጸልማት ዋግ-ዋግ'ሉ በሪሁ ሰማይና
ኣብ ግዜ ድግስኪ  ክጋባእ ዋዕላና
በረኽትኪ  ክዓስሎ  ናይ ቅድስቲ ጽላልና

ዋዕላና ክጋባእ ንዝላታት ክብዖ
ሕልና ጸላእቲ ክዝሮ ክኮዖ
ህዝብና ተላዒሉ ቃልሱ ከበርትዖ
ጸገማቱ ወጊዱ ብጉቡእ ክሰርዖ

ድኽመታቱ ክፍትግ ጨይሑ ክኣሊ
እንታይ ንመን የገልግል ክፈላሊ
ኣብ ቃልዕ ክሰጥሖ ድጉል መታለሊ
ኀደና ፍትሒ-ሰላም ክምድምድ ብዕሊ
ማዕርነት ዝሰረቱ መድሕን ተበዳሊ

ስርዓት ምልኪ ብፍጹም ክድምሰስ
ግንባራዊ  ባህሊ -ሕሸኽ ከፍርስ
መርሆ'ድልዎ ንዘልኣለም ከብርስ
ግሉጽነት ከስፍን ቅኑዕ ዝምድናታት ከንግስ

ዎፍይታ ክረክብ ህዝብና
ሰላም ርግኣት ክዓስሎ ዞባና
ንምዕባለ ክንግስግስ ሓቢርና
እዚ'ዩ ዕላማታት ሃገራዊ ዋዕላና
ነዚ እንኣምን ንጽዓድ ከይሰልከና

ፈስቲቫልና ሓበን ይሰማዕኪ ሎሚ
ኣብ  ጽላልኪ ዝተወጠነትልሚ
ኣብ ባይታ ክስረት ብልዑል ዓቅሚ
ክጋባእ ነቂሉ  ብሱል ጥረ ዝመሚ
መደባቱ ከጽፍፍ ከኻዕብት'ውን ሱግሚ
ጋህዲ ክኸውን ናይ ህዝብና ሕልሚ
ምህርቲኺ ክሕፈስ ዝተዘርአ ኣብ ጣዕሚ